**Schuldhulpmaatje West-Friesland (ናይ ዌስት-ፍሪስላንድ/ West-Friesland ናይ ደገፍ ዕዳ መሓዛ)**

እዞም መሓዙት (maatjes) ብዛዕባ ንኡስ መጠን ልቓሕ፡ ምሕደራ ገንዘብኩምን ምቕርሒኡን ዝመጸ ክተሓጋገዙኹምን ከማኽሩኹምን ይኽእሉ እዮም። ኣወሃሃድቲ/Coordinators SHM WF፣ ቍጽሪ ተሌፎን፡- 06 16 05 77 41 / 06 45 92 15 29፣ ኢ-መይል፡- info@schuldhulpmaatje-wf.nl.

**Formulierenbrigade (ብርጌድ ፎርምስ)**

Formulierenbrigade ኣብ መዳይ ምንባብ ደብዳቤታት፡ ምምላእ ቅጥዕታት፡ ከምኡ'ውን ምሕደራ ገንዘብኩምን ግብርን ይሕግዘኩም። ኣብ Medemblik ከምኡ'ውን Wognum ክትረኽብዎም ትኽእሉ ኢኹም። ብኽብረትኩም ንናቶም ነቕጣ መርበብ ሓበሬታ ተወከሱ፡- www. .humanitas.nl/afdeling/west-friesland/activiteiten/ thuisadministratie-formulierenbrigadewf.nl ፣ ቍጽሪተሌፎኖም፡- 0229-576416

## ነቕጣታት መርበብ ሓበሬታ ናይ ገንዘባዊ ሓገዝ

**www.jeugdfondssportencultuur.nl**

Jeugdfonds Sport & Cultuur (ማዕከን መንእሰያት ናይ ስፖርትን ባህልን) ከም ትምህርቲ ሙዚቃ፡ ኣባልነት ክለብ ስፖርት፡ ከምኡ'ውን ዕድጊ ናውትን ኣልባሳትን ስፖርት ኣብ ዝኣመሰሉ ጉዳያት ኣበርክቶ ይገብር። እትውከስዎ ውልቀ-ሰብ:- ኒኮለት ቢይልስማ/Nicolette Bijlsma፣ ናይ ጉጅለ/Team Sportservice Westfriesland፣ ኢ-መይል፡- nbijlsma@ teamsportservice.nl, 0229 - 28 77 00.

**www.leergeldwestfriesland.nl**

እዚ ውድብ እዚ፡ ካብ 4 ክሳብ 18 ዝዕድሚኦም ህጻናት ኣብ ናይ ቤት-ትምህርቲ ንጥፈታት ብሽክለታ፡ ትምህርቲ ሙዚቃ ከምኡ'ውን ኣብ ስፖርት ተሳተፍቲ ንክኾኑ ዕድላት ይኸፍትን ተወሰኽቲ ናይ ቤት-ትምህርቲ ወጻኢታት ይሽፍንን (ኣትላስ፡ ቀማሪት/ካልኩለይተር፡ ናይ ስፖርት ኣልባሳት)። ብኽብረትኩም ኣስተውዕሉ፡- ተጠቀምቲ ናይ'ቶም ብምምሕዳር ከተማ እተሰርዑ መደባት ሓገዝ ድሕሪ ም኿ንኩም፡ ናይ Leergeld መመልከቲ ጥራይ ኢኹም ከተቕርቡ እትኽእሉ።

## ተግባራዊ ደገፍ

**Hulpverlening Westfriese kerken**

ናይ እዋን ጸገምን ህጹጽ ረድኤት ዝጠልብ ኵነትን ደገፍ ይህብ። ኣብ ኣጸጋሚ እዋን ጽን ኢሉ ዝሰምዕን ተግባሪ ደገፍ ዝገብርን ኣካል እዩ። ናጻ ገንዘባዊ ደገፍ። ብተሌፎን እትኣትዉሎም ሰዓታት፡- ኣብ መዓልትታት ስራሕ 10-12 ቅ.ቀ.። ቍጽሪ ተሌፎን፡- 0229-271684 hwk@hulpverleningwestfriesekerken.nl www. hulpverleningwestfriesekerken.nl.

**Stichting Babyspullen (ውድብ ናውቲ ቈልዑ)**

መበገሲ መጻወቲታት ናይ ቈልዑ - ብናጻ. ብኽብረትኩም ኣብ www.stichtingbabyspullen.nl ኣቲኹም ርኣዩ።

**Stichting Jarige Job (ውድብ ጾንበልቲ መዓልቲ ልደት ህጻናት)**

ኣብ ቤት ይኹን ኣብ ቤት-ትምህርቲ መዓልቲ ልደቶም ንዘጽንብሉ ህጻናት ናጻ ናይ መዓልቲ ልደቶም ህያብ ንኽወሃቦም ጠለብ ኣቕርቡሎም። ነቶም ካብ 1 ክሳብ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም ህጻናት ናይ'ተን ትሑት መጠን ኣታዊ ዘለወን ስድራ-ቤታት ይምልከት። ብኽብረትኩም ኣብ www.stichtingjarigejob.nl ኣቲኹም ርኣዩ።

**Kledingbank de 3 Musketiers Medemblik (ባንክ ኣልባሳት/ Clothing bank the 3 Musketeers)**

ኣልባሳት፡ ኣሳእንን ቦርሳታትን - ብናጻ። ዝኽፈተሉ፡- ሰኑይ ካብ ሰዓት 9:00 – 12:00, ረቡዕን ዓርብን ካብ ሰኦኣት 9:00 - 11.30 ዝርከበሉ ቦታ፡- Almereweg 36, Medemblik.

**Voedselbank West-Friesland (ማዕከን/ባንክ መግቢ)**

ትሕዞታት መግቢ - ብናጻ። ብኽብረትኩም ኣብ please see www.voedselbank.nl ኣቲኹም ርኣዩ።

**Tel. 088 - 00 75 000**
**www.meewering.nl**

MEE & de Wering

05-2022 TIG



# ሓለፋታት ነተን ትሑት መጠን ኣታዊ ዘለወን ስድራ-ቤታት – 2025

## ኵላቶም ህጻናት ኣብ'ዚ ዝሕቈፉ እዮም!

- ገንዘባዊ መደባት
- ተግባራዊ ደገፍ

GEMEENTE Medemblik

MEE & de Wering

# ገንዘባዊ መደባትን ተግባራዊ ደገፍን

ከም ወለዲ መጠን ንረብሓ ደቅኹም ክትብሉ ኩሉ ሳዕ ኢኹም ገንዘብ ተውጽኡ። መጠን ኣታዊኹም ትሑት ድዩ፡ ወይ መሰረታውያን ጠለባት ደቅኹም ንምምላእ እትሸገሩ ሰባት ዲኹም? ክትሕገዙሎም እትኽእሉ ሓያለይ ኣማራጺታትን መደባትን ናይ ገንዘባዊ ደገፍ ኣለዉ። ዝያዳ ተግባራዊ ዝኾነ ደገፍ ዝህበ ትካላት እውን ኣለዋ። ተጠቀምቲ ዕድል ናይ'ዚ ተግባራዊ ደገፍ እዚ ክትኮኑ ከምእትኽእሉ ኣይትረስዑ። እዚ ብዘይ ምኽንያት እተሰርዐ ዕድል ኣይኮነን።

ኣብ'ዚ በራሪ ጽሑፍ እዚ ነዞም ቀጺሎም እተጠቕሱ ነጥብታት ዝምልከት ሓበሬታ ክትረኽቡ ኢኹም፡-

- ናይ ቤት-ምኽሪ ወይ ምምሕዳር ከተማ መደምብሊክ (Medemblik) መደባት ገንዘባዊ ሓገዝ።
- ምስ ገንዘብ ዝተኣሳሰር ደገፍ ዝገብራ ውድባት/ወሃብቲ ኣገልግሎት ዝኾና ትካላት።
- ገንዘባዊ ደገፍ ክትረኽቡሎም ናብ እትኽእሉ ነቑጣታት መርበብ ሓበሬታ ዘእትዉኹም መኽፈቲ መስመራት (Links)፡- Jeugdfonds Sport & Cultuur - Stichting Leergeld West-Friesland
- ተግባራዊ ደገፍ ዝገብራ ትካላት።

## ደገፍ ህጻናት ናይ ቤት-ምኽሪ መደምብሊክ

### ቤት-ትምህርቲ

በኾረ ደቅኹም ተማሃሮ 6ይ ክፍሊ ናይ መባእታ ምስዝኾኑ ኮምፒዩተር፡ ላፕቶፕ ወይ ታብለት ንኽትገዝኡሎም ገንዘባዊ ኣበርክቶ ንኽግበረልኩም መመልከቲ ከተቕርቡ ትኽእሉ ኢኹም (ብዛዕባ እቲ ነዚ ጉዳይ እዚ ዝምልከት ስምምዕን ቅድመ-ኩነታቱን ንቤት-ምኽሪ ተወከሱ ኢኹም)። ነፍሲወከፍ ዝምልከታ ስድራ-ቤት መሕወዪ ገንዘብ ናይ ዝዓደገታ ሓንቲ ሓታሚት/ፕሪንተር ንኽወሃባ እውን መሰል ኣለዋ።
ደቅኹም ካብ ካብ 8ይ ክፍሊ ናብ ናይ ማእከላይ ደረጃ ትምህርቲ ይሰግሩ ዶ ኣለዉ? ብሸክለታ፡ ናውቲ ትምህርቲ ድዩስ መጽንዒ ባንኮ ንኽትዕድጉሎም ናይ €439.00 ድጎማ ንኽወሃበኩም መመልከቲ ከተቕርቡ ትኽእሉ ኢኹም።

ክሳብ 18 ዓመት ንዝዕድሚኦም ህጻናት ብዝምልከት - ንናይ ወለዲ ኣበርክቶ፡ ክፍሊታት ዑደት ቤት-ትምህርትን ምዝዋራትን ዝሸፍን ዓመታዊ ዝወሃብ መጠን ገንዘብ ኣሎ። እዚ መጠን ገንዘብ እዚ ንናይ መባእታ ደረጃ ተማሃሮ € 151.00 ክኸውን እንከሎ፡ ንናይ ማእከላይ ደረጃ ተማሃሮ ድማ € 219.00። ኣብ ርእሲ እዚ፡ ኣብ መዳይ ናይ ተወሳኺ ሓገዝ ትምህርትን ምትሕግጋዝ ናይ ዕዮ ገዛን ዝውዕል ክሳብ € 305.00 ዝመጠኑ ዓመታዊ መጠን ገንዘብ ንኽወሃበኩም መመልከቲ ከተቕርቡ ትኽእሉ ኢኹም።

### ምሕምባስ

ካብ 4 ክሳብ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም ህጻናት፡ ናይ ደረጃ "ሀ" ከምኡ'ውን "ለ" ወረቐት ምስክር ምሕምባስ ንኽሕዙ ዝሕግዞም - ክሳብ € 753.00 ዝመጠኑ ዓመታዊ መጠን ገንዘብ ንኽወሃቦም መመልከቲ ከተቕርቡሎም ትኽእሉ ኢኹም።

### ናይ ምዝንጋዕ ግዜ

ከም ናይ ፊልመ-ትያትር ድዩስ ናይ ዕጹዋት መሐምበሲ ቦታታት ምዝንጋዓት ንምክያድ ዘኽእሉ ክፍሊታት ንምሽፋን፡ ዓመታዊ መጠን ገንዘብ ንኽወሃበኩም መመልከቲ ከተቕርቡ ትኽእሉ ኢኹም። እዚ መጠን ገንዘብ እዚ፡ ክሳብ 3 ዓመት ንዝዕድሚኦም ህጻናት € 189.00 ክኸውን እንከሎ፡ ነቶም ካብ 4 ክሳብ 18 ዓመት ዕድሚኦም ድማ € 219.00 እዩ። ነዞም መደባት ሓገዝ ብዝምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ብኽብረትኩም ናብ www.sociaalloket.medemblik.nl/kindregeling



ኣቲኹም ኣንብቡ ወይ ድማ ነቶም ኣብ መዳይ ፍሉይ ሓገዝ (Bijzondere Bijstand) ኣመልክቶም ምኽሪ ዝህቡ ሞያውያንና በዚ ቀጺሉ ተጠቒሱ ዝርከብ ኣድራሻ ተወከሱ፡- wwb@medemblik.nl ወይ ብቑጽሪ ተሌፎን 0229 - 85 60 00።

## ደገፍ ኣብ መዳይ ገንዘባዊ ጉዳያት

ኣብ መዳይ ገንዘባዊ ጉዳያት ኣተኩረን ደገፍ ዝገብራ ዝተፈላለያ ትካላት ኣለዋ። ከመይ ዝኣመሰሉ መደባት ከምዘለዉ ክሕብራኹም ይእኽላ እየን። ኣብ ከመይ ዝኣመሰሉ ኩነታት ከመይ ዝኣመሰሉ መሰላትን ዕድላት-ተጠቃምነትን ከምዘለዉ እውን ከፍልጣኹም ይኽእላ እየን። ንእተቕርብዎም ሕቶታት ብምስጢራዊ መገዲ ክሕዛኦ እየን። ብኽብረትኩም ንኽትውከስወን ናጽነት ይሰማዕኩም። ቀጺለን ንኽሕግዛኹም ድሉዋት እየን!

ናይ ቤት-ትምህርቲ ኣሳላጢ ማሕበራዊ ጉዳያት
ናይ ቤት-ትምህርቲ ኣሳላጢ ማሕበራዊ ጉዳያት ኣብ መዳይ ምቕራብ መመልከቲታት ናይ (ገንዘባዊ) ሓገዝ ክ(ት)ተሓጋገዘኩም ይ(ት)ኽእል እዩ/ያ። ብመገዲ ኣማኻሪ ውሽጣዊ ቅለሳ (internal guidance counsellor) ኣቢልኩም ንዝምልከቶ ናይ ቤት-ትምህርቲ ኣሳላጢ ማሕበራዊ ጉዳያት ክትውከሱ ትኽእሉ ኢኹም።

ኣብ ጉዳይ ኣተሓሕዛ ገንዘባዊ ዕዳ ዘተኰረ ኣገልግሎት ምኽሪ ናይ መደምብሊክ
ቤት-ምኽሪ መደምብሊክ፡ ኣብ ጉዳይ ኣተሓሕዛ ገንዘባዊ ዕዳ ወይ ገንዘባዊ ጸገም፡ ከምኡ'ውን ኣብ መዳይ ምውዳብን ዳግመ-ምስራዕን ናይ ገንዘባዊ ኩነታትኩም ዘተኰረ ደገፍ ይህብ። ሓበሬታ ንምርካብ፡ ብኽብረትኩም ብቑጽሪ ተሌፎን 0229 - 85 60 00 (ኣማራጺ ቍጽሪ 1 ምረጹ ኢኹም) ደውሉ፣ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ናይ ኢመይል መልእኽቲ ስደዱ፡- schuldhulpverlening@medemblik.nl ወይ ድማ ናብ'ዚ ገጽ መርበብ ሓበሬታ እዚ እተዉ፡- www.sociaalloket.medemblik/schuld።

### Startpunt Geldzaken (መበገሲ ነቑጣ ናይ ገንዘባዊ ጉዳያት)

ኣብ www.startpuntgeldzaken.nl/medemblik ከም "መርፍእን ፈትልን ምልጋብ ምስ ህጻናት/Making ends meet with children" ዝኣመሰሉ "ገንዘባዊ ውጥናት" ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም። እዚ ነቑጣ መርበብ ሓበሬታ እዚ፡ ሓፈሻዊ ስእሊ ናይ ካልኦት ኣማራጺታት ገንዘባዊ ሓገዝን ደገፍን እውን ዝህብ እዩ።